# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንተኸታተልቲ ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፊነዋ

ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ: ንመበል 45 ዓመት ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ምኽንያት ብምግባር፡ ብዕለት 05.09.2006 ምስ ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዎ ፊነዋ ኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕ ኣካይዱ። ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት ዝሃቦ መልሲ ኣብ ሓደ ግዜ ክቐርብ ስለዘይተኻኣለ ኣብ ተኸታታሊ ክፋላታ ተዳልዩ ኣብፊነዋ ምህላዉ እንዳሓበርና፡ ቀዳማይ ክፋል ኣብ ናይ ዕለት 07 መስከረም ፊነዋና፡ እቲ ካልኣይ ክፋሉ ከኣ፡ ኣብ ናይ ዕለት 14 መስከረም ተማሓላሊፉ ስለዘሎ፡ ኣብዝመጽእ ምድላዋትናውን ነቲ ብሰንኪ ናይ ግዜ ሕጽረት ተሪፉ ዘሎ መልስታቱ፡ ንተኸታተልቲ ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፊነዋ ከነቕርቦ ኢና።

1. ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሕቶ ምልዓልና፣ ብቀዳምነት ብዛዕባ ሃገርን ህዝብን ከይጠቐስካ ክሕለፍ ስለዘይካኣል ብሓጺሩ እዋናዊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ከመይ ከምዘሎ ክትሕብረና ምኻኣልካ ዶ?
2. ባሕቲ መስከረም ኣብ ህዝብና ዘሕለፎ መልእኽትን ዕላማታትን ምስዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብምትሕሓዝ እንታይ ኢዩ ነይሩ ትብል? በዚ ኣጋጣሚ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ከተማሓላልፎ እትደሊ ተወሳኺ መልእኽቲ ኽ እንታይኣሎ?
3. ውድብና ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ካብ 5ይ ጉባኤኡ ክሳብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ምሕዝነት ብእተረኽበ ምስሕሓባትን፡ ምፍንጫልን መስዋእቲ ኣቦ-መንበርን ክጥቀሱ ካብዝኽእሉ ዓበይቲ ብድሆታት ክሓልፍ ምጽንሑ ዝዝከር ኰይኑ፡ ሕጂ ኽ ውድብና ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት ምህላዉ ክትገልጸልና ምኻኣልካ ዶ?
4. ብዛዕባ ምክያድ 6ይ ጉባኤ ካብ ጠቐስካ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽካየድ ተመዲብዎ ዝነበረ ቦታ ክቕየር ዘገደደ ጸገም እንታይ'ዩ ነይሩ? ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዘለና ርኽክባት ንቃልሲ ዘተኣማምን ደረጃ ዘይምብጽሑ ዶ ኣይሕብርን? ብኸመይ ከ ክሕለፍ ተኻኢሉ?
5. 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባይቶ ብዙሕ ፍሉይን ልሉይን ዝገብሮ መዐቀኒታት ብጻሓፍትን ተዓዘብትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተዘርግሔ ጽሑፍ ምንባሩ ተገንዚብና፡ ብሸነኽካ ኽ ፍሉይነትን ልሉይነትን ናይ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ክትጠቅሰልና ምኻኣልካ ዶ?
6. ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዝተማሓላለፉ ንዓና ከም ውድብ ጥራሕ ዘይኰነስ፣ ንሃገርን ህዝብን ዘገድሱ ዓበይትን እዋናውያንን ውሳኔታት እንታይ እንታይ ዝብሉ ኢዮም ነይሮም?
7. ምቛም ናይ ሰልፊ ካብኣልዓልካ፡ እንታይ ዓይነት ሰልፊ ኢዩ ከነቕውም ዝድለ ዘሎ? ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብሒዝዎ ክመጽእ ዝጸንሐን ዘሎን መደብ ዕዮ ክረኤ እንከሎ፣ ብግንባር ጥራሕ ክግለጽ ዝኻል ውድብ ድዩ?
8. እቲ ዝቐውም ሰልፊ፡ ካልኦት ካብ ውድብና ወጻኢ ዘለዎ ዝሓወሰ ክኸውን ዝጸልእ ዘሎ ኣይመስለናን፡ ግን ነቶም ካልኦት ዝባሃሉ ዘለዉ ውድባትን ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ክንቀርቦም እንከለና እንታይ ዝዓይነቱ መበገሲ ንድፊ ሒዝና ኢና እንቀርቦም? እዚ ክንብል እንከለና ኽ ክሳብ ሕጂ ተሰፋ ዘለዎ ርኽክባት ኮነ ዝምድናታት ዝተበጽሐ እንተደኣ ሃልዩ እስኪ ሓብረና?
9. 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዘማሓላለፎ ውሳኔታት ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንናይ ስልጣን ምክፍፋል ኣመልኪቱ፣ ዘይምእኩል ምሕደራ ንኽህሉ ኣስፊርዎ ዘሎስ እንታይ ማለት ኢዩ? ቅድም ከ ኣብ መደብ ዕዮ ውድብና ኣይነበረን ድዩ?
10. ሕቶ መሬትውን ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ዛዕባታት ናይ ጉባኤ ምንባሩ ፈሊጥና፡ ብሓጺሩ ብዛዕባዚ ዝተበጽሐ ውሳኔን ትሕዝትኡን መብራህካልና ዶ?
11. ኣብዚ ቀረባ ዝመጽእ ዘሎ ኣዋርሕ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጉባኣኤ ከካይድ ምዃኑ ዝሕበር ኢዩ፡ እዚ ጉባኤዚ ብኸመይ ኢዩ ክካየድ'ዩ ዝድለ ዘሎ?
12. ኣብዚ ጉባኤዚ ክታኣታቶ ዝድለ ዘሎ ለውጢ እንታይ ይመስለካ? ኣብቲ ቅድም ክብል ዘጽደቖ ቻርተር ለውጥታት ክግበር ከመይ ክካኣልዩ?
13. ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተመጣጠነ ውክልና ንኽህሉ ሓደ ካብ ድልየታት ውድብና ኢዩ፡ እዚ ክንብል እንከለና ዝሓዝና መርትዖታት እንታይ'ዩ?
14. ኣብዚ እዋንዚ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ ናይ ዓወት ረቛሒታት ተማሊኡ ኣሎ፣ ክባሃል ይካኣል ዶ ይመስለካ?
15. በዚ ኣጋጣሚ፡ ካልእ ናብ ህዝቢ ከተማሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎካ ክትገልጸልና ምኻኣልካ ዶ?

ምምሕዳር ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፊነዋ